**ስምረት ምንቅስቃስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር**

إتحاد الحركة الإرترية لإنقاذ الوطن

# Eritrean Solidarity Movement for National Salvation

ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ኣብ ዝገበሮ ህጹጽ ኣኼባ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ኲናት ካልእ ዘየድሊ ዕንወትን ጽንተትን ከየኸተለ፡ ብሰላም ክዓርፍ ኩሉም ወገናት በቲ ዘሎ ናይ ኢትዮጵያን ሕገ መንግስቲ ተማእዚዞም ጉዳዮም ክፈትሑ ጻውዒቱ የቕርብ።

ህዝብታት ኢትዮጵያ ድሕሪ ናይ ነዊሕ እዋን ቃልሶም ዕድልካ ባዕልኻ ናይ ምውሳን መሰል ኣረጋጊጾም እዮም። ህዝቢ ትግራይ ከም ሓደ ኣካል ህዝቢ ኢትዮጵያ ነቲ ዘሎ መሰላት ተጠቒሙ ናይ ክልሉ መረጻ ምክያዱ ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ኣካል ምኺኑ ኣየርእን። ብቐረባ ከምዝተዓዘብናዮ ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ ቀረባ እዋን ነቲ በመሪር መስዋእቱ ዝረኸቦ መሰል ርእሰ ውሳነ ተጠቒሙ ምርጫ ኣካይዱ እዩ። እዚ ተግባር’ዚ ኣብ ክንዲ ብእወንታ ተራእዩ ነቲ ዘሎ ዘየሰማምዕ ጉዳያት ኣብ ዙርያ ጣውላ ኮፍ ኢልካ ምፍታሕ ናብ ኲናትን ወራርን ምኻድ ዘይሓላፍነታውን ኣንጻር ህዝባውን ዲሞክራሲያውን መሰላት እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር እዚ ብቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ተኣዊጁ ዘሎ ኲናት ብትሪ እንዳኾነነ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ደው ከምዝበለ የረጋግጽ።

እዚ ዝኸይድ ዘሎ ኲናት፡ ነቲ ብተዛማዲ ሰላም ኣብ ደሓን ኩነታት ዝጸነሐ ክልል ትግራይ ናብ ዓውደ ውግእ ቀይሩ ንኢትዮጵያውን ናብ ካልእ ኩነታት ዘሰጋግራ እዩ። ብተወሳኺ ነቲ ብኣሻሓት ዝቑጸር ኣብ ትግራይ ተዓቚቡ ዘሎ ህዝብና ዓቢ ሓደጋ እዩ። ኩሉ ይዕዘቦ ከምዘሎ እዚ ዝካየድ ዘሎ ኲናት ኣብ መንጎ እቲ ብሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተማእዚዙ ዝኸይድ ዘሎ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይን፡ ኣብ መንጎ እቲ ንዝተዋህቦ ህዝባዊ ሓላፍነት ንጎኒ ገዲፉ ምስ ግዳማዊ ሓይሊ ብምሽራኽ ኣንጻር እቲ ወገኑ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያን እዩ። ክሳብ ሕጂ ተዓዚብናዮ ከምዘለና ፓርላማ ኢትዮጵያ ከምተዓዛቢ ጥራይ ኮይኑ ሓደ ውልቀሰብ መጻኢ ኩነታት ኢትዮጵያ ናብ ዘይተደለየ ይመርሖ ኣሎ፡ ፓርላማ ኢትዮጵያ ነዚ ጉዳይ ተዓዚቡ ህጹጽ መፍትሒ ከናዲ ጻውዒትና ነቕርብ።

ሙሉእ ዓለም ከምዝተዓዘቦ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ነዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ዝተፈላለየ መግለጺታት ሂቢሉ እዩ ። ካብቲ ዘስደምም ካኣ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘሕለፎ መልእኽቲ፡ ብነፋሪት ክድብድብ ምኳኑ ብዕሊ ምንጋሩ እዩ። እዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኩሉ ደላይ ሰላም ህዝቢ ዓለምን ክኾንኖ ይግባእ። ንዝጋጠሙ ሽግራት ኣብ ክንዲ ሰላማዊ ፍታሕ ምንዳይ ናይ ኲናት ከበሮ ሓምሓም ምህራም ንኩሉ ስለዘየርብሕ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ናብ ሰላም ዙርያ ክእከቡ ንጽውዕ።

ኤርትራን ኤርትራውያንን ንዘልኣለም ክነብሩ እዮም!!

ሓርነትና ናይ ግድን እዩ!!

ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር

7 ሕዳር 2020